


ዋዕላ መንእሰያት ህግደፍ 2013 ኣብ ትሕቲ ሞያውን ቑጠባውን ኣበርክቶን፡ ምድልዳል ውድባዊ ዓቕሚ መንእሰያት ህግደፍ ዝብል ኣርእስቲ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ብዓወት ከም ዝተዛዘመ ዝዝከር እዩ። መንእሰያት ህግደፍ ኣብቲ መዓልቲ ጎኒ ብጎኒ ዝውሰድ ዝነብረ ትምህርቲን ተሞኲሮ ምልውዋጥን፡ ዋዕላና መስዋእቲ ብሉጻትና እዩ ሰረቱ፡ ዝኽርና ሓበን መብጽዓና ግብሪ: ብዝብል ተበግሶ ነቶም ሕላገት ጽንዓት ትእምርቲ ሓቂ፡ ሕመረት ዋሕስ ህላዌና ከም ህዝብን ሃገርን፡




ምእንቲ ናጽነትን ምኽባር ልኡላውነትን ዝተበጀው ጀጋኑ ሰማእታት መዘና ኣልቦ ፍቕሮም ንምግላጽ ኣብቲ መዓልቲ £1620 ንምንባይ ስድራ ስዉኣት ዝውዕል ኣታዊ ድሕሪ ምግባር።

ንስድራ ስዉኣት ንምሕጋዝ ብህዝብን መንግስትን ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ፡ ብቐጻሊ ምሕጋዝን ነታ ብደሞምን የዕጽምቶምን ዝተነድቐት ምጭውቲ ውጽኢት ህድሮም ዝኾነት ኤርትራ ምእንቲ ከቢራን ተሓፊራን ብቐጻሊ ክትነብር፡ ዘውረሱዎም ኒሕን ጽንዓትን ተወፋይነትን ብሓጺሩ ክብርታት፡ ብሓያል ውዳበ ምስ ሞያውን ቑጠባውን ኣበርክቶ ከይተሓለሉ ክሰርሑ፡ ንኹሉ ናይ ተጸባእቲ ውዲት ብንቕሓት ክምክቱ ብኹሉ ዓቕሞም ክነጥፉ ሰማእታት ዘሰከምዎም ረዚን ሓደራ ብቐጻሊ ንምትግባር ፡ ደጊሞም ቃሎም የሐዲሶም።



ዋዕላ መንእሰያት ህግደፍ ኣብ ዓመት ሓንሳብ ካብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ኣማኢት ዝቑጸሩ ሃገራውያን መንእሰያት የሳተፍ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና

ዓወት ንሓፋሽ